# ኤርትራውያን ንቅዋማዊ መንግስቲ (ኤንቅመ)



ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ብ1991 ብፍላይ ካኣ ድሕረ ኲዊናት-ዶብ ካብ ሃገርና ተፈሊና ኣብ ዓዲ እንዳማትና ንነብር ኤርትራውያን ኣክንዲ ከም ደቂ ሓንቲ ሃገር ኣሕዋትን ኣሓትን ኲዌና ብሓደ ተጠርኒፍና ንነብርን ኲነታት ሃገርናን ህዝብናን ነናዱን መብዛሕትና በቲ ዘፈላልየና ጸጸግዕና ሒዝና ተኣሊና ንርከብ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን:: ከምኡ ናይዝኾነ ኻኣ ህዝብና ወሪዱዎ ዘሎ ዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣመሓድራ ሃገርን ሃገርና ኤርትራ ዘኟንፋ ዘሎ አህጉራዊ ጸገማትን ብሓባር ክንብድሆን ክንምክቶ ኣይካኣልናን::

ካብ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ኲነታት ክዉጻኣና ይኽእል'ዩ ኢልና እንሓስቦን እንኣምነሉን መፍትሒ ኣክንዲ በቲ ዘፈላልየና በቲ ከራኽበና ዝኽእል ዝተሓተ ናይ ሓባር ረቝዋሒ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናይ ሓባር መጸዋዕታ ብደረጃ ዉልቀ-ሰባት ምጥርናፍ'ዩ::

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ኣጠራንፋ:

- ነቲ ዘፈላልየና ንብሎ ብጡርነፍ ዝኾነ መንገዲን ስነ-ስርዓት ዝሓዘ ኣገባብን እንመያየጠሉን እንፈትሓሉን ናይ ሓባር ጣውላ ይፈጥረልና:
- ነንሕድሕድና የቀራርበና
- ዝኾነ ይኹን ንህዝብናን ሃገርናን ዘገድስ ዛዕባ ከም ሓደ ኣካል ጠጠዉ ኢልና ብጉቡእ ተመያይጥና ናይ ሓባር መርገጺን ዘድሊ ስጉምቲን ክንወስድ የኽእለና:
- ብሓደ መልሓስን ብሓደ መጸዋዕታን ከም ሓደ ጡርነፍ ኣካልን ክንዛረብ የፍቅደልና ወ ዝተረፈ...

ከም ኩለን ሃገራት ዓለም; ኤርትራ ብውልቐ-ሰባተ ጠጠው ዝበለት ሃገር ኢያ:: ኩሎም ውለቐ-ሰባት ሓንቲ ሃገር ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ይባሃሉ::

ከም ውለቐ-ሰባት ሓንቲ ሃገር ብሃገር ምምሕዳር ኪኢላታት ኢና ዝብሉ ተዋሳእቲ ከም ኣባጊዕን ኣጣልን ትም ኢልናን ታዓሚትናን እንስዕብን እንቓሴን ፍጥረታት ኣይኮንናን::

እምበኣርከስ ከም ውለቐ-ሰባት ኣብ ምምሓዳር ሃገርናን: ብዛዕባ ዘሎን ዝመጽእን ዕድልናን ዕድል ሃገርናን ወሳኒ ዝኾነ ክርገጽ ዘይክእል ግደን ታራን እንብሎን ኣለና:: ካብ'ዚ ነቒልና ድማ ኢና ከም'ዚ ዝኣምሰለ ብደረጃ ውለቀ-ሰባት ዝምስረት ኣገባብ ኣጠራንፋ ንደፍኣሉ ዘለና::

## ናይ ሓባር ረቝዋሒ

እቲ ንኹላትና ኤርትራውያን ከራኽበናን ከቀራርበናን ይኽእል'ዩ እንብሎ ናይ ሓባር ረቝዋሒ <u>ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር</u> ኢዩ:: ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር <u>ሕጋዊ መመሕዳር ሃገር</u> ማለት'ዩ::

ዝኾነ ፍልልይ ይሃልወና ንሕጋዊ መመሕዳር ሃገር ዝቃወም ኤርትራዊ ይርከብ ኢለና ኣይንሓስብን ኣይንኣምንን'ዉን:: ንሱ ኻኣ ኢዩ ንቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር ናይ ሓባር ረቝዋሒን ንኹሎም ኤርትራዉያን ብደረጃ ዉለቀ-ሰብ ከጠርንፍ ዝኽእል መሰረታዊ ጭርሖን ዝገብሮ::

ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር ንሕና ዘማሃዝናዮ ገነታዊ ትምኒተ; ዊን ድማ ወግሐ ጸብሐ እንሓለሞ ዘይኮነስ ኣወንታዉን ቁኑፅን ወግዓዊን ዘየካትፅን ጠለብ ናይ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ዝኾነ ኢዩ::

ኣብ'ዚ መረዳእታ'ዚ ተሞርኪስና ብመሰረት ናይ'ዚ ሓደ ናይ ሓባር ረቛዋሒን ኣብ ትሕቲ ሓደ ናይ ሓባር መጸዋዕታን ነዚ ዝስዕብ ንኹልና ከም ሓደ ኣካል ክጥርንፍ ዝኽእል ኣገባብ ኣወዳድባ ነዉርድ:-

## መጸዋዕታ: ኤርትራዉያን ንቅዋማዊ መንግስቲ (ኤንቅመ)

ባህሪኡ: ዓለም-ለኻዊ ጡርኑፍ ዉልቀ-ሰባዊ ምንቅስቓሰ ኤርትራዉያን ንቅዋማዊ ምምሕዳር (Grassroots movement). በዚ መሰረት ኤንቅመ

- ፖለቲካዊ ዉድብ ኣይኮነን
- ፖለቲካዊ ፕሮግራም; ቅዋም; ወይ ትምኒት የብሉን
- ጭዉ ዝበለ ሰላማዊ ምንቅሰቓስ ኢዩ
- እንኮ ዕላማ ኤንቅመ:- ጽዑቕ ዘመተ እንዳካየድካ ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገርና ኤርትራ ኣጥቢቕካ ምጥላብን ርኡይን ኣሉታዊን ሳዕቤናት ሳእን ቅዋማዊ ምምሕዳር ብዘይ ኣናሕሲያ ምቅላዕ::

ኣመሰራርታ: ኤርትራዉያን ኣብ በብዘለዉዎ በዚ ተዋሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ኤንቅመ ዝብል መጸዋዕታ ሒዞም ብደረጃ ዉልቀ-ሰብ ይጥርነፉን ይዉደቡን:: ብኢመይል; ብተለፎን; ብኣካል; ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ምስ ካልኦት ትካላት ኤንቅመ ተራኺቦም ዝምድና ምስ ዝፍጠር እቲ ዝምድና ኔትወርክ ወይ ድማ ምትእስሳር ይባሃል::

ኣመሓዳድራ: ኤንቅመ ናይ ሓባር ወይ ድማ ላዕላዋይ ኣካያዲት ኣካል የብሉን:: ነብሲ ወከፍ ጨንፈር/ንኡስ ጨንፈር ኤንቅመ ኣብዘላቶ ኮይና በቲ ንዓኣ ዝጥዕማ ኣገባብን መስርሕን ሥራሓታ ተሳልጥን ትካየድን (Decentralized mode of operation)

ኣኼባታት: ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ዝርከብ ገዛ (Paltak room) በቐሊል ተራኺብና ኩሉ ዘድሊየና ክንገብር ንኽእል:: ካብኡ ሓለፍና'ዉን ብኣካል እንራኸበሉ መንገዲን ኣገባብን ኣብ'ዚ ገዛ ክንዉስኖ ንኽእል::

መርበብ ኢንተርኔት: ኤንቅመ ምስ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዓለምን ክነላሊን; ህላዌ ኤንቅም ነኽፍለጥን; መስፈሪ ሐበሬታ ኤንቅም ክኸዉንን ወ ዝ ተ; ኤንቅም ናይ ገዛእ ርእሱ መርበብ ኢንተርኔተ ክህልዎ ናይ ግድን ኢዩ::

መለለዪ ምልክት: ንላዕሊ ገጻ ትሕብር ዓባይ ኣጻብዕቲ ኢድ

ኤንቅመ ኣወንታዊን ንኹሎም ኤርትራዉያን (ፖለቲካዊ ርእይቶኦምን መርገጺን ብዘየገደስ) ክፉት ዝኾነን ኣብ ትሕቲ ዝተሓተ ሓደ ናይ ሓባር ረቛዋሒ ክጥርንፍ ዝኽእልን ጡርኑፍ ዉልቀ-ሰባዊ ምንቅስቓሰ'ዩ:: ኤንቅም ነቲ ነቡር ዝጠልብ ኣወንታዊ ምንቅስቓስ ድኣምበር ኣብ ኣንጻርነትን ተጻራርነትን ዘድሃበ ተበግሶ ኣይኮነን:: እቲ ንቡረ ካኣ ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር'ዩ:: ነዚ ዝቃወም ሰብ ክሳብ ዘየለ እንቃወሞ ሰብ የለን::

ኢ.ሜይል:   ኤንቅመ

**ርእሰ-ጽሑፍ**
EritreaDaily.net
ብርሃኔ መሓሪ ተኽስተ
17 ኖቨንበር 2007